# ደብዳቤ መሰላት ንኣብ ትሕቲ Terrorism Act 2000 ዝተኣሰሩ ሰባት

እዛ ወረቐት ብዛዕባ ኣብ ትሕቲ ሕጊ ኣብ ስኮትላንድ ኣብ መደበር ፖሊስ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኣብ እትህልወሉ ግዜ ብዛዕባ ዘለዉኻ መሰላት ኣገዳሲ ሓበሬታ ይህበካ። እዚ ሰነድ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዘለዉኻ ቀንዲ መሰላት ይነግረካ። እዚ ሕጋዊ ምኽሪ ኣይኮነን ከምኡዉን ብዛዕባ ኩሉ መሰላትካ ኣይነግረካን እዩ። ናይ ገዛእ ርእስኻ ናጻ ሕጋዊ ምኽሪ ክተናዲ ኣለካ።

ብኽብረትካ ነዚ ሓበሬታ ኣብ ዝቐልጠፈ እዋን ኣንብቦ። ኣብቲ መደበር ፖሊስ ኣብ እትህልወሉ ግዜ ዉሳኔታት ንኽትገብር ክሕግዘካ እዩ። ብኽብረትካ ኣብዚ ወረቐት ዝኾነ ዘይተረዳኣካ ነገር ክገልጸልካ፣ ብቐሊል ዝንበብ ቅዳሕ ወይ ትርጉም ምስ እትደሊ ነቲ ፖሊስ ሕተቶ።

**መሰላትካ ዘክር፦**

- እቶም ፖሊስ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ስለምንታይ ሒዞምኻ ከም ዘለዉ ክትፈልጥ መሰል ኣለካ።
- ንጠበቓ ኣብ መደበር ፖሊስ ከም ዘለኻ ክንገረልካ መሰል ኣለካ። እዚ ነጻ እዩ።
- ኣብ ድሕንነትካ ንዝግደስ ካልእ ሰብ ምስ ፖሊስ ከም ዘለኻ ክትነግር መሰል ኣለካ። ንኣብነት፣ እዚ ኣባል ስድራ፣ ኣላዪ ወይ መሓዛ ክኸዉን ይኽእል እዩ።
- ስቕ ንኽትብል መሰል ኣለካ። እቶም ፖሊስ ዝሓቱኻ ዝኾኑ ሕቶታት ክትምልስ ግዴታ የብልካን። ይኹን ግን ስምካ፣ ኣድራሻኻ፣ ዕለት ልደትካ፣ ኣበይ ከም ዝተወለድካን ዜግነትካን ክትህብ ኣለካ።
- እቲ ፖሊስ ሕቶታት ቅድሚ ምሕታቱ ብዘይ ምድንጓይ ንብሕቲ ንጠበቓ ናይ ምዝራብ መሰል ኣለካ። ኣብ ዝኾነ ግዜ እዉን እቲ ፖሊስ ሕቶታት ኣብ ዝሓቱኻ ግዜ ንጠበቓ ክትዛረብ ትኽእል ኢኻ።
- ትሕቲ 16፣ ወይ ትሕቲ 18 ዓመት ምስ ትኸዉን ከምኡዉን ንግዴታዊ ምክትታል ትእዛዝ ግዳይ ምስ ትኸዉን፣ ብወላዲኻ ወይ ኣላይኻ ኣብቲ መደበር ፖሊስ ክትብጻሕ ትኽእል ኢኻ።
- ንህጹጽ ሕክምናዊ ሓገዝ መሰል ኣለካ።
- ብፖሊስ ንዝነበረካ ኣተሓሕዛ ጥርዓን ንኽተቕርብ መሰል ኣለካ።

## መሰላትካ

ብኽብረትካ ነዚ ተገንዘብ፦ ኣብ ፍሉያት ኩነታት፣ ፖሊስ ንገለ ካብዞም መሰላት ከደናጉዮም ወይ ክሕዞም መሰል

ኣለዎ። ንኣብነት፣ እቶም ፖሊስ ካልእ ሰብ ካብ ምጉዳእ ንምድሓን ንዓኻ ምዝርራብ የድልዮም ምዃኑ ምስ ዝሓስቡ።
**እዚ ናይ ሱቕ ምባል መሰልካ ኣየጠቓልሎን እዩ።**

## 1. **ሓበሬታ ኣብ ትሕቲ ናይ ፖሊስ ቑጽጽር ንዘለዉ ሰባት**

- **ስለምንታይ ኣብ ትሕቲ ቑጽጽር ከም ዝወዓልካን ዝተኣሰርካን ምፍላጥ**

ስለምንታይ ከም ዝተኣሰርካን ኣብ ምትሕብባር፣ ምድላዉ ወይ ምልዓል ግብረ-ሽበራ ኢድ ከም ዘለካ ዝተጠርጠርካሉ ንኽትርዳእ እቲ ፖሊስ ሓበሬታ ክህበካ ይግባእ።

ኣብቲ መደበር ፖሊስ፣ እቶም ፖሊስ ስለምንታይ ክትእሰር ኣለካ ኢሎም ከም ዝኣመኑ ክነግሩኻ ኣለዎም። ቕድሚ ብዛዕባ ኣብ ግብረ-ሽበራ ተሳትፎኻ ጥርጣረ ዝኾነ ሕቶታት ምሕታቶም፣ እቲ ፖሊስ ንዓኻ ወይ ንጠበቓኻ ናይ ፖሊስ ምርመራ ከይጎዳእካ ንነብስኻ ክትከላኸል ንኽትክእል እንታይ ገይርካ ኢሎም ከም ዝኣምኑ እኹል ሓበሬታ ክህቡኹም ኣለዎም።

- **መሰል ሱቕ ንምባል**

እቶም ፖሊስ ብዛዕባ ገይርካዮ ኢሎም ዝኣምንዎ ዝሓቱኻ ሕቶታት ዝኾነ ሕቶታት ክትምልስ ኣይትግደድን ኢኻ።

ዝኾነ ዝበልካዮ ክጽሓፍ ወይ ክምዝገብ እዩ ከምኡዉን ኣብ ናይ ክሲ ግዜ፣ ጉዳይካ ናብ ቤት-ፍርዲ ምስ ዘዉሰድ፣ ከም መርትዖ ከገልግል ይኽእል እዩ።

ንፖሊስ ስምካን ኣድራሻኻን፣ ዕለት ልደትካ፣ ዝተወለድካሉ ቦታን ዜግነትካን ነዞም ዝርዝራት ምስ ዝሓቱኻ ክትነግሮም ኣለካ።

- **ንጠበቓ ኣብ መደበር ፖሊስ ከም ዘለኻ ምንጋር**

ነቲ ፖሊስ ኣብ መደበር ፖሊስ ከም ዘለኻ ንጠበቓ ክነግረልካ ክትሓቶ ትኽእል ኢኻ። እዚ ናይ ገዛእ ርእስኻ ጠበቓ ወይ፣ ጠበቓ ዘይትፈልጥ ምስ ትኸዉን፣ እቲ ኣብ ስራሕ ዘሎ ጠበቓ ክኸዉን ይኽእል እዩ። እቲ ፖሊስ ብዝቐልጠፈ ጠበቓ ንኽዳለዉ ከሳልጥ እዩ። እዚ ካብ ክፍሊት ነጻ እዩ።

ኣብ ውሕስነትካ ንዝግደስ ካልእ ሰብ ኣብ መደበር ፖሊስ ከም ዘለኻ ምንጋር።

ነቲ ፖሊስ ኣብ መደበር ፖሊስ ከም ዘለኻ ንኽሕብሮም ንካልእ ሰብ ክድዉለልካ ክትሓቶም ትኽእል ኢኻ። እዚ ኣብ ስድራኻ ዘሎ ሰብ፣ መጻምድትኻ፣ ኣላዩኻ፣ መሓዛኻ ወይ ካልእ ትፈልጦ ሰብ ክኸዉን ይኽእል እዩ። ብዝቐልጠፈ ንዓኻ ሰብ ክጽዉዑልካ እዮም።

### **ትሕቲ** 16 (**ወይ ትሕቲ** 18 **ዓመት ከምኡዉን ንግዴታዊ ምክትታል ትእዛዝ ግዳይ ምስ ትኸዉን**)

- እቲ ፖሊስ ንወላዲኻ ወይ ኣላይኻ ኣብቲ መደበር ፖሊስ ከም ዘለኻ ክሕብሮም ኣለዎ።
- ወላዲኻ ወይ ኣላይኻ ናብቲ መደበር ፖሊስ ክመጽእን ክድግፈካን ይኽእል እዩ።

- **ዝሕግዘካ ተርጓሚ ምምጻእ**

እንግሊዘኛ ዘይትዛረብ ወይ ዘይትርዳእ ምስ ትኸዉን፣ እቲ ፖሊስ ዝሕግዘካ ቋንቋኻ ዝዛረብ ሰብ (ተርጓሚ) ክምድበልካ እዩ። እዚ ነጻ እዩ። ኣብቲ መደበር ፖሊስ እንታይ ይበሃል ከም ዘሎ ክትርዳእ ኣገዳሲ እዩ።

ናይ ምስማዕ ጸገም ወይ ብንጹር ናይ ምዝርራብ ጸገም ምስ ዝህልወካ፣ እቶም ፖሊስ ዝሕግዘካ ሰብ ከዳልዉ እዮም። እዚ ናይ ዓዲ-እንግሊዝ ናይ ምልክት ቋንቋ ተርጓሚ ወይ ካልእ ብቑዕ በዓል-ሞያ ክኸዉን ይኽእል። እዚ ነጻ እዩ።

- **ብሪጣንያዊ ምስ ዘይትኸዉን**

ብሪጣንያዊ ምስ ዘይትኸዉን፣ ኣበይ ከም ዘለኻ ከምኡዉን ኣብቲ መደበር ፖሊስ ስለምንታይ ከም ዘለኻ ንኽትነግሮም፣ ነቲ ፖሊስ ንላዕለዋይ ኮሚሽንካ፣ ኢምባሲኻ ወይ ቆንስልካ ክረኽቦም ክትሓቶ ትኽእል ኢኻ። ብተወሳኺ ንብሕትኻ ክበጽሑኻን ጠበቓ ከዳልዉልካ ይኽእሉ እዮም።

- **ምስ ትኽሰስ እንታይ የጋጥም**?

ብገበን ምስ ትኽሰስ፣ ካብ ትሕቲ ቑጽጽር ክትወጽእ ወይ ኣብቲ መደበር ፖሊስ ብምጽናሕ ኣብ ትቕጽል ናይ ስራሕ መዓልቲ ናብ ቤት-ፍርዲ ክትዉሰድ ትኽእል ኢኻ። ወይ ኣብ ሓደ ዝተወሰነ መዓልቲ ናብ ቤት-ፍርዲ ክትከይድ ምስ ትሰማማዕ ክትወጽእ ትኽእል ኢኻ።

- **ምርካብ ሰነዳት**

ጉዳይካ ናብ ቤት-ፍርዲ ምስ ዝኸይድ ኣብቲ ጉዳይ ጽሑፍ ናይ መርትዖ ንዓኻ ወይ ንጠበቓኻ ክወሃብ እዩ። እዚ ንዓኻ ወይ ንጠበቓኻ ንክትከላኸሉ ክትዳለዉ ክሕግዘኩም እዩ።

ናይቲ ኣገዳሲ ሓበሬታ እንግሊዘኛ ዘይትርዳእ ምስ ትኸዉን ናይ ትርጉም መሰል ኣለካ።

- **ምርካብ ሕክምናዊ ሓገዝ**

እቲ ፖሊስ ብዛዕባ ጥዕናኻን ጽቡቕ ምህላዉካን ሕቶታት ክሓቱኻ እዮም። ናይ ጥዕና ጸገም ወይ መድሃኒት ትወስድ ምስ ትኸዉን ንፖሊስ ምሕባር ኣገዳሲ እዩ። ብተወሳኺ እዉን ዝኾነ ናይ ሓሸሽ ወይ ኣልኮላዊ መስተ ወልፊ ምስ ዝህልወካ ወይ ነብስኻ ክትጎድእ ትሓስብ ምስ ትህሉ ነቲ ፖሊስ ምንጋር ኣገዳሲ እዩ።

እቲ ፖሊስ ንናይ ሕክምና በዓል-ሞያ ክምርምረካ ክሓቶ ይኽእል እዩ። እዚ ኣብ እስሪ ከለኻ ጽቡቕ ክንክን ከም ዝወሃበካ ንምርግጋጽ እዩ። ናይ ሕክምና በዓል ሞያ ክትርኢ ከም ዘለካ ኮይኑ ምስ ዝስምዓካ ንፖሊስ ንገሮ።

ምስ ትሓምም፣ ናይ ሕክምና ሓገዝ መሰል ኣለካ።

- **መግብን መስተን**

ኣብ ዝሓተትካሉ ማይ ክወሃበካ እዩ። ኣብ እስሪ ንልዕሊ ኣርባዕተ ሰዓት ምስ ትጸንሕ መግቢ ክወሃበካ እዩ። ዝኾነ ናይ ኣመጋግባ ወይ ሃይማኖታዊ ጠለባት ምስ ዝህልዉኻ ብዝቐልጠፈ ነቲ ፖሊስ ንገሮ።

- **ጥርዓን ምቕራብ**

ኣብ ትሕቲ እስሪ ኮንካ ጥርዓን ከተቕርብ ምስ ትደሊ፣ ነቲ መርማሪ ወይ ልዕል ዝበለ ደረጃ ንዘለዎ ሰብ ተዘራረብ። ድሕሪ ምፍታሕካ ጥርዓን ከተቕርብ ምስ ትደሊ፣ ናብ ዝኾነ መደበር ፖሊስ ክትከይድ ወይ ናብ 101 ክትድዉል ትኽእል ኢኻ። ኣብ ክንዳካ ካልእ ሰብ፣ ክሳብ ናይ ጽሑፍ ፍቓድካ ዝሃብካዮም፣ ጥርዓን ከቕርብ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። ወላዲ፣ መሓዛ፣ መጸምድቲ ወይ ትኣምኖ ሰብ ክኸዉን ይኽእል እዩ።

ኣብ እዋን እስርኻ ወይ ኣብ ትሕቲ ናይ ፖሊስ ቑጽጽር ኣብ ዝነበርካሉ ግዜ ብፖሊስ ተጎዲእካ ወይ ተበዲልካ ምስ ትኸዉን ንፖሊስ ስኮትላንድ ክፍሊ ሞያዊ መ၀ቐኒታት (Police Scotland Professional Standards Department) ጥርዓን ከተቕርብ ኣለካ።

### ተወሳኺ ደገፍ ምስ ትደሊ (ብኽብረትካ፣ እዚ ናይ ኣገልግሎት ሓበሬታ ጥራይ ምዃኑን መሰል ከም ዘይኮነን ተረዳእ)፦

ኣብቲ መደበር ፖሊስ ኣብ ዘለኻሉ ግዜ እንታይ የጋጥም ከም ዘሎ ንኽትርዳእ ሓገዝ ከድልየካ ይኽእል እዩ። እዚ ብናይ ደገፍ ሰብ ግቡእ በጺሒ ብዝበሃል ክወሃብ ይኽእል እዩ። እዚ ናይ ኣእምሮ ጸገም ወይ ናይ ምምሃር ጸገም ምስ ዝህልወካ ክምልከተካ ይኽእል። እዚ ደገፍ የድልየካ ኢልካ ምስ ትሓስብ ንፖሊስ ተዛረቦ።

ፖሊስ ናይ ግቡእ በጺሒ ደገፍ የድልየካ ኢሉ ምስ ዝሓስብ፣ ዋላ ኣይትሕተት ንሓደ ንኽርከብ ክሓቱ እዮም።

## 2. ሓበሬታ ነቶም ብፖሊስ ክሕተቱ ዝኾኑ ሰባት

- **ዝሕግዘካ ጠበቃ ምምጻእ**

ምስ ጠበቓ ክትዛረብ ትደሊ ምስ ትኸዉን ነቲ ፖሊስ ንገሮ። እቲ ፖሊስ ብዝቐልጠፈ ጠበቓ ክጽዉዓልካ እዩ።

ተራ ናይ ሓደ ጠበቓ መሰላትካ ንምሕላዉ ከምኡዉን ብዛዕባ ሕጊ ምኽሪ ንኽህበካ እዩ።

ንትፈልጦ ወይ ኣብ ስራሕ ንዘሎ ጠበቓ ክትዛረብ ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ። እዚ ጠበቓ ነጻን ንፖሊስ ዘይሰርሕን እዩ።

እቲ ጠበቓ ብነጻ ከማኽረካ ድዩ ወይ ንምኽሪ ክትከፍል ኣለካ ብዝምልከት ክነግረካ እዩ። ክትከፍል ምስ ዝህልወካ፣ ክሳብ ክንደይ ከም ዝበጽሕን ብኸመይ ክትከፍሉ ከም ትኽእልን ክነግሩኻ እዮም። እቲ ፖሊስ ንጠበቓኻ ኣይክኸፍለልካን እዩ ወይ ጠበቓኻ ብኸመይ ከም ዝኽፈል ኣይክዛረብን እዩ።

ሕቶታት ከም ጉዳይ ወይ ብህጹጽ፣ ንናይ ድሕነት ምኽንያታት ክሕተቱ ግዴታ ክሳብ ዘይኮነ፣ ፖሊስ ሕቶታት ቅድሚ ምሓትቱ ናይ ብሕቲ ዝርርብ ምስ ጠበቓ ክትገብር ይፍቐደልካ እዩ።

ኣብ ዝኾነ ግዜ ምስ ጠበቓ ምዝርራብ ሓሳብካ ክትቕይር ትኽእል ኢኻ። ብዝቐልጠፈ ነቲ ፖሊስ ንገሮ ከምኡዉን ኣብ ክንዳካ ነቲ ጠበቓ ክረኽብዎ እዮም።

እቲ ጠበቓ ኣብቲ ክመጸሉ እየ ዝበሎ ናብቲ መደበር ፖሊስ ምስ ዘይመጽእ፣ ወይ ደጊምካ ነቲ ጠበቓ ክትዛረቦ ምስ ትደሊ፣ ፖሊስ ደጊሙ ነቲ ጠበቓ ንኽረኽቦ ሕተቶ።

እቲ ጠበቓ ቅድሚ ምምጽኡ ንናይ ዉሕስነት ምኽንያታታት ህጹጽ ሕቶታት ክሕተቱ ኣድላዩ እንተዘይኮይኑ፣ ፖሊስ ሕቶታት ኣብ ዝሓተካ ግዜ ጠበቓ ኣብቲ ክፍሊ ምሳኻ ክህሉ መሰል ኣለካ።

- **ንሕቶ ንኽንደይ ዝኣክል ክትእሰር ትኽእል?**

ፖሊስ ንሕቶ ክሳብ 48 ሰዓታት ንገበን ከይከሰሰ ክኣስረካ ይኽእል እዩ። ሕልፍ ኢሉ ላዕለዋይ ሓላፊ ፖሊስ እስርኻ ክትቕጽል የድሊ ምዃኑ ንምርኣይ ናብ ጉዳይካ ክምልከት ኣለዎ። እዚ ገምጋም ይበሃል። ቤት-ፍርዲ ምስ ዘፍቕዶ ጥራይ ኢኻ ንልዕሊ 48 ሰዓታት ክትእሰር ትኽእል። እቲ ቤት-ፍርዲ ካብ ዝተኣሰርካሉ ግዜ ብዘይ ክሲ ናይ እስርኻ ግዜ ክሳብ ዝለዓለ 14 መዓልታት ከናዉሖ ይኽእል እዩ። ኣብዚኦም ጉዳያት እዞም ዝስዕቡ ክትወሃብ ኣለካ፦

  - ጽሑፍ ሰነድ እስርኻ ንምንዋሕ መመልከቲ ከም ዝተገብረ ዝገልጽ፥
  - እቲ መመልከቲ ዝተወሃበሉ ግዜ፥
  - እቲ መመልከቲ ኣብ ቤት-ፍርዲ ዝቐርበሉ ግዜ፥ ከምኡዉን
  - ተወሳኺ እስሪ ዝድለየሉ ዘሎ ምኽንያት(ታት)።

ኣብ ነፍሲ ወከፍ ግዜ መመልከቲ ግዜ ናይ እስርኻ ንኽናዋሕ ወይ ክሰፍሕ ኣብ ዝቐረበሉ ምልክታ ንዓኻ (ከምኡዉን ንሕጋዊ ወኪልካ) ክቐርብ ኣለዎ።

ንስኻን ጠበቓኻን፣ ኣብ ዘይምልከተካ ደረጃ ክሳብ ዘይሃለኻ፣ ብዛዕባ እዚ ዉሳነ ሓሳብ ናይ ምሃብ መሰል ኣለኩም።

ጠበቓ ብዛዕባ እዚ ከማኽረካ ይኽእል እዩ።

- **ነጻ ናይ እስሪ በጻሕቲ**

መደበር ፖሊስ ንኽረኽቡ ዝተፈቐደሎም ኣባላት ማሕበረሰብ ኣለዉ። ከም ነጻ ናይ ቤት ማእሰርቲ በጻሕቲ ይፍለጡ ከምኡዉን ዝተኣሰሩ ሰባት ብግቡእ ይተሓዙ ከም ዘለዉን መሰላቶም ይረኽቡ ከም ዘለዉ ንምርግጋጽ ኣብ ናይ ወለንተኛ መሰረት ዝገበረ ይዓዩ።

ነጻ ናይ ቤት ማእሰርቲ በጻሒ ናይ ምርካብ ወይ ክበጽሑኻ ክትሓቶም መሰል የብልካን ይኹን ግን ሓደ በጻሒ ክርኤካ ክሓትት ይኽእል እዩ። ነጻ ናይ ቤት ማእሰርቲ በጻሒ ኣብ ትሕቲ እስሪ ኣብ ዘለኻሉ ግዜ ምስ ዝበጽሓካ ጥዕናኻን መሰላትካን ምዕቓበም ንምፍታሽ ካብቲ ፖሊስ ወጻኢ ብምዃን ክዓዩ እዩ። ክትዛረቦም ምስ ትመርጽ ናትካ ምርጫ እዩ።